ዉቅሮ ማእከል ቤት ህንፀት ንሐደ ዓመት ዉዕሊ ኣሲሩ ክምግብ ዝክእል ሕጋዊ ነጋዳይ ማሕበራት በዓል ዋና ሆቴልን ቤት ቁርስን ፍቃድ ንግዲ ዘለኩም ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክህብ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ሰነ 13, 2018 (ቅድሚ 5 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 26, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:30000
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 27, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣቅርቦት ምግቢ / ካፌን ሬስትራንትን/

1 ብናይ ሆቴል ማናጀመንት ማለት አዉን ቤት ቁርሲ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎምን ናይ 2018 ዓም ናይ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት ናይ 2018 ዓም ዘሐደሰን

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ ማለት እዉን ቲን ናምበር ዘለዎምን ተወሳ እሴት ታክስ ዝተመዝገብሉ ወረቀት ከቅርብ ዝክእል

3 ወርሓዊ ናይ ሒሳብ ዘወራረድሉ ናይ ወርሒ ሚያዝያ 2018 ዓም ከቅርብ ዝክእል

4 ልዕሊ 60 ሚእታዊ ኣካል ጉዱኡ ዝኮንኩም ማሕበራት ወርሓዊ ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ መረዳእታ ከምዘይትቅርቡን ካብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ነፃ ምካንኩም ካብ ዝምልከቶ ኣካል ክተቅርቡ እትክእሉ

5 ወርሓዊ መረዳእታ ክተቅርቡ እንተኮይንኩም ድማ ናይቲ ዝተገለፀ ወርሓዊ ተወሳኪ እሴት ታክስ ክተቅርቡ እትክእሉን

6 ልዕል ክብል ዝተዘርዘሩ ዋና ምስ ዘይምለስ ቅዳሕ ከቅርብ ዝክእል

7 መከበሪ ጨረታ እቲ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ቼክ ማለት ስፒኦ ብጥር ገንዝብ ወይድማ 30000 ቅርሺ ከትሕዝ ዝክእል

8 ንሐደ ተሃናፂ ማዓልታዊ ባጀት ምስተወሳኪ እሴት ታክስ 98 ቅርሺን 10 ሳንቲምን ኮይኑ ኣብ ወርሒ ድማ 2043 ጥራይ ይከዉን

9 ጨረታ ሳዓራይ ምካኑ ካብ ዝተገለፀሉ መዓልቲ ኣብ ዉሽጢ ሰለሰተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስር ዝክእል በቲ ዝተጠቀሰ መዓልቲ ዉዕሊ እንተዘይኣሲሩ ዘትሓዞ መከበሪ ጨረታ ናብ ናይ መንግስቲ ካዝና ኣታዊ ይከዉን

10 ተጫረቲ ዝርዝር ሰነድ ናይ ጨረታ ዝገልፅ ካብ 11/10/2018 ዓም ክሳብ 26/10/2018 ዓም ልክዕ ሰዓት 830 ዘይምለስ 200 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ቢሮ ቁፅሪ 4 ክወስዱ ይክእሉ

11 እቲ ጨረታ 26/10/2018 ዓም ልክዕ ሰዓት 8:30 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 9:00 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም አብ ዝተረክበሉ ይክፈት

12 ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳደሪ ካብ ጠቅላላ ናይ ወርሒ ዝከፈሎ 10 ሚእታዊ መከበሪ ዉዕሊ ዘትሕዝ ኮይኑ ንዘቅርብዎ አገልግሎት ምግቢ ዝከፈሎ ገንዘብ ልዕሊ 10 ሺሕ ብር እንተኮይኑ 3 ሚእታዊ ዊዝሆልድ ታክሲ ይከፈል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ናይ ማይን መብራህቲን ክፍሊት በቲ ቤት ዕዩ ዝሸፈን ኮይኑ ዝተረፈ ኩሉ ሰራሕተኛታት ይኩን ካልኦት ወፃኢታት በዓሉ ይሸፍን

14 ንምግብና ዘገልግሉ መሳርሒታት ማለት አዉን ናዉቲ ናይ ቢሮ ዝኮኑ ንብረት እንተሃለዩም ንሰለሰተ ወርሒ ብናፃ ይጥቀም ድሕሪ ሰለሰተ ወርሒ ግና ብካራይ መልክዕ ክጥቀም ይክእል

15 እቲ ዝምላእ ዋጋ ምስ ተወሳኪ እሴት ታክስ ሓዊሱ ኣብ ፅሬት ግራምን ምዉሳክ ዝክኣል ኮይኑ ኣብ በጀት ወይድማ ቅርሺ ምንካይ ኣይከኣልን

16 ዋጋ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ እዩ

17 ቤት ህንፀትና እቲ ጨረታ መሉእ ብመሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle